# ኣብ 2001 ኣብ ዞባ ማእከል፥ ን1,762 ዘኽታማት ቈልዑ ዝኣልዩ 735 ስድራቤታት ክጣየሱ እዮም።

------------0---------

ኣብ 2001 ኣብ ዞባ ማእከል፥ ን1,762 ዘኽታማት ቈልዑ ዝኣልዩ 735 ስድራቤታት ክጣየሱ ምዃኖም ኣብቲ ጸብጻብ መጽናዕቲ ጥሙር መምርሒ ስራሕ ንትግባረ መደብ ምጥያስ ኣለይቲ ዘኽታማት ስድራቤታት ቈልዑ ናይቲ ዞባ ዝዝቲ ኣኼባ ተገሊጹ።

ኣብቲ ትማሊ 13 ሓምለ ኣብ ኣስመራ ኣዳራሽ ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ ዝተኻየደ ኣኼባ፥ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ኩነታት ኣለይቲ ዘኽታማት ስድራቤታት፥ ውጺኢት መጽናዕቲን ዝተኻየደ ንጥፈታትን ኣብ ኣለይቲ ዘኽተማት ስድራቤታት፥ ኣወዳድባ መደብ ትግባረ ምጥያስ ኣለይቲ ዘኽታማት ስድራቤታት ቈልዑ ዞባ ማእከልን ካልእን ኣርእስታትን መግለጺ ተዋሂቡ።

ተሳተፍቲ፥ ንቕርጽን ኣወዳድባን፥ ትግባረን መደብ ምክትታልን መጣየሲ ገንዘብን ኣብ ዝምልከቱ ነጥብታት ድሕሪ ምዝታዮም፥
በብወርሒ ብዛዕባ ዝጣየሱ ዘኽታማትን ውጺኢት ዝተጣየስሉን፥ ምስተጣየሱ ኣብ ዝነበርዎ ከይምለሱ ጥቡቕ ምክትታል ክግበረሎም፥ እቲ ተተሚኑ ዘሎ መጣየሲ ምስ ህሉው ናህሪ ዕዳጋ ስለ ዘይከይድ ክብ ክብል፥ ተጣየስቲ ዝዋሃቦም መጣየሲ ጥሪት ብሓደጋ ምስ ዝመውት ወይ ድኲን ብሓቀኛ ኩነት ምስ ዝጥፍሽ ኮሚቴ ነቲ ሓቀኛ ኩነት ኣረጋጊጻ ዳግማይ መጣየሲ ውሕስነት ክትገብር፥ ኮሚቴ ዕድጊ፥ ቅድሚ ዕዳጋ ምክያድ ዘድሊ ዳህሳስን መጽናዕቲ ዕዳጋ ክትገብር ዝብሉን ካልኦትን ለበዋታት ኣቕሪቦም።

ኣብዚ ዝስዕብ 4 ዓመታት ኣብ ዞባ ማእከል 9026 ዘኽታማት ቈልዑ ክእለዩ መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎን ኣብ ኤርትራ ድማ ኣብ ውሽጢ 5 ዓመት ኣስታት 32 ሽሕ ዘኽታማት ቈልዑ ክጣጣሱ ምእኳኖምን ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል ኣቶ ኅይትኦም ኣለም ሓቢሩ። ነዚኦም ንምጥያስ ድማ 49 ሚልዮን ዶላር ባጀት ተሰሊዑ ከምዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብቲ ኣኼባ ኣማሓደርቲ፥ ኣባላት ባይቶ፥ ካብ ኮሚቴ ዞባ፥ ንኡስ ዞባ፥ ምምሕዳር ከባቢ ዝተወከሉ 420 ሰባት ተሳቲፎምዎ።

******ኣ.ዜ.ኤ******